ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ኣብ ከተማ መቐለ(ዳዕሮ) ንዘስርሖ ዘሎ ህንፃ ኣገልግሎት ዝውዕል ብሎኬት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ

ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሕዳር 10, 2018 ( ቅድሚ 4 ወርሒ)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሓሙስ ሕዳር 18, 2018 09:00 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:20000
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:300
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሓሙስ ሕዳር 18, 2018 09:30 ደ/ሰዓት
መደብ: ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ህንፃ-መሳርሒ

ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ኣብ ከተማ መቐለ(ዳዕሮ) ንዘስርሖ ዘሎ ህንፃ ኣገልግሎት ዝውዕል ብሎኬት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ነቲ ዝተቀመጠ ረቛሕታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ንክትወዳደሩ ይዕድም፤

1. ተጫረትቲ በቲ ዘርፊ ናይ እዚ በጀት ዓመት ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ስራሕ ፍቃድ ፣ናይ ግብሪ ከፋሊ ምስክር ወረቀት (TIN)፣ ኣብ ናይ መንግስቲ መቅረባይነት ዝርዝር ዝተመዝገቡ ምኳኖም ምስክር ወረቀት ኮፒ ጌሮም ከቅርቡ ዝኽእሉ።

2. ተጫረትቲ ብር 20,000(ዒስራ ሽሕ) ናይ ጨረታ መኽበሪ ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ናይ ክፍሊት መአዘዚ (cpo) ወይ ድማ ኣብ ኹነታት ዘይተመስረተ ናይ ባንኪ ውሕስና ብሽም ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ከትሕዙ ዝኽእሉ፤ካብዚ ወፃኢ ጥረ-ገንዘብ ከምዘይንቅበል ነፍልጥ።

3. ተጫረትቲ ዘይምለስ ብር 300(ሰለስተ ሚእቲ) ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ካብ መቐለ ዋና ቤት ፅሕፈት ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ቢሮ ክፍሊ ዕደጋን ፋይናንስን ምውሳድ ይኽእሉ።

4. እቲ ጨረታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 10/03/2018 ክሳብ 18/03/2018 ዓ/ም ኣብ ኣየር ዝፀንሕ ኮይኑ ሳዕን ጨረታ ዕለት 18/03/2018 ዓ/ም ሰዓት 9:00 ድሕሪ ቀትሪ ተዓፂዩ በቲ ዕለት ሰዓት 9:30 ድሕሪ ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ትካልና ይኽፈት። ተጫረትቲ ብናይ ባዕሎም ድሌት ኣብ ስነ ስርዓት ምኽፋት ጨረታ እንተዘይተረኺቦም ትካልና ጨረታ ሰነድ ናይ ምኽፋት መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

5. ትካልና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እዚ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው እዩ።

ኣድራሻና:- ኣብ ሮማናት ኣደባባይ ባንኪ ኣቢሲንያ ኣብ ዝርከበሉ ህንፃ 3ይ ደብሪ ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ንርከብ፤ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ 0967-568418/0967-557103 ምሕታት ይኽእሉ።

ምስ ሰላምታ

0938-000222

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle